

kesb

Kindes- und
Erwachsenenschutzbehörden
**Kanton St.Gallen**

# ሓጺር መግለጺ ናይ ቤትጽሕፈት ተኸላኸሊ ንዓበይትን ንቆልዑን (ኬስብ)

ቤትጽሕፈት ተኸላኸሊ ንዓበይትን ንቆልዑን (ኬስብ) ንሰባት ኣብ ኣሸጋሪ እዋናት ናይ ሂወት ሓገዙ የበርክት። ቤትጽሕፈት ኬስብ ጥርዓን/ሓበሬታ (Meldung) ምስ ዝመጾ እዩ ክነጥፍ ዝጅምር። ሓደ ሓደ ግዜ እቶም ዝምልከቶም ሰባት ብናቶም ተበግሶ ንኬስብ ይውከስዎ ወይ የመልክቱ: ሓደ ሓደ ግዜ ድማ እቲ ጥርዓን ወይ ሓበሬታ ካብ ዝተኻቸሉ ቤተሰብ; ጎረባብቲ: ቤትምህርቲ ወይ ፖሊስ ይመጽእ። ከምዚ ዓይነት ጥርዓን ምስዝመጾም ሞያውያን ሰራሕተኛታት ኬስብ በወገኖም እቲ ቆልዓ ወይ እቲ ዓቢ ሰብ ሓገዝ የድልዮን ኣየድልዮን ኣጽሬፎም ይምርምሩ።

ኬስብ ክነጥፍ እንድሕር ኮይኑ ናይ ምጽራይ መስርሕ (Verfahren) ይኸፍት። እዚ መስርሕ ብሓደ ካብቶም ናይቲ ቤትጽሕፈት (ብዓል መዚ) ኣባላት ይምራሕ። እቲ ምጽራይ ናይቲ ጉዳይ ከኣ ብሞያዊ/ት ሰራሕተኛ ናይ ኬስብ ይካየድ። ሞያውያን ሰራሕተኛታት ኬስብ ናይ ሕጊ ምሩቓት: ናይ ስነ ኣእምሮ ክኢላታት ወይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛታት እዮም። ነቲ ዝምልከቶ ሰብ ወይ ዝምልከቶም ወለድን ነቲ ቆልዓን ንምዝርራብ ቆጸራ ይጽውዕዎም። እቶም ዝምልከቶም ሰባት ነቲ ጉዳይ ብኸመይ ከምዝርእዎን ከምዝግምትዎን ክፈልጡ ይደልዩ። ኣድላዪ ምስዝኾውን ድሕሪ እዚ ዝርርብ ተወሳኺ ምጽራያት ይገብሩን ተወሳኺ ሓበሬታታት የናድዩን። ንኣብነት እቶም ሞያውያን ሰራሕተኛታት ኬስብ ንሓኪም ወይ ንቤትምህርቲ ይሓቱ። ኣብ ጉዳይ ድሕነት/ምክልኻል ቆልዓ (Kindesschutz) ብዙሕ ግዜ ሳልሳይ መንግስታዊ ኣካል ንኩነታት ናይቲ ስድራቤት ብደቂቕ ንኸጸሪ ይምደብ። ብልሙድ እቲ ዝካየድ መስርሕ ክፍሊት ኣለዎ።

ኣድላዪን ኣገዳስን ምስዝኸውን እቶም ሞያውያን ሰራሕተኛታት ኬስብ ነቲ ጉዳይ ኣጻርይዮም ምስ ወድኡ: እንታይ ዓነት ኣገልግሎት ናይ ሓገዝን ደገፍን ከምዘድሊ ሓሳቦም የቕርቡ። እቶም ዝምልከቶም ሰባት ብወገኖም ነዚ ዝምልከት ርእይቶኦም ክህቡ ይኽእሉ። እዚ ምስተፈጸመ እዮም ሰለስተ ኣባላት ቤትጽሕፈት (በዓል መዚ) ኣብ ሕጊ ብምምርኳስን ጸግዒ ብዘይምሓዝን እቲ ጉዳይ ከመይ ከምዝቕጽል ዝውስኑ። ነዚ ክገብሩ ከለዉ እቲ ኣብ ስነ-ሕግን: ስነ-ኣእምሮን: ስነ-ምምሃርን ዘለዎም ክኢላዊ ፍልጠት ኣብ ግምት የእትውዎ። እዞም ኣባላት ቤትጽሕፈት (በዓል መዚ) ኣብ መወዳእታ ዝገብርዎ መደመምታ ውሳኔ (Entscheid) ይብሃል።

ኣብዚ ውሳኔ እዚ: ኣድላይን ምስቲ ጉዳይ ዝተመጣጠነን ምስዝኸውን: ክውሰዱ ዘለዎም ስጉምታት ብኬስብ ይእዘዝ። ነኣብነት ሓገዝ ንዘድልዮ ሰብ ዘሰንን ጉዳዩ ዝከታተልን ሓደ/ሓንቲ ወኪል (Beistandsperson) ይምደብ። እዞም ወኪላት ሰራሕተኛታት ናይ ወኪላት ቤትጽሕፈት (Berufsbeistandschaft) ክኾኑ ይኽእሉ። ንዓበይቲ እንተኾይኑ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ከባቢኡ/ኣ ወይ ሕብረተሰቡ/ባ ዝርከቡ ግላውያን ሰባት እዮም።

ወለዲ ወይ ቀርባ ሰቦም ነቲ ውሳኔ ናይ ኬስብ ምስዘይሰማምዑሉ ይግባይ (Beschwerde) ክብሉ ይኽእሉ። ድሕሪ ይግባይ ምባል እቲ ውሳኔ እንደገና ብቤትፍርዲ ይምርመር።